ውድብ ናፅነት ትግራይ
Tigray Independence Party

መ.ቁ.ና፡566/2017

ዕለት፡07/02/2017

ናብ ቢሮ ፍትሒ ትግራይ

ናብ ቢሮ ፀጥታ ትግራይ

ናብ ፖሊስ ኮሚሽን ትግራይ

መቐለ

ዋኒኑ፡ ኣብ ከላስተርን ወረዳን ኣመራርሓን ኣባላትን ውድብና ዝበፅሕ ዘሎ መቕተልቲ፣ መጭወይቲ፣ ማእሰርቲ፣ መግረፍትን ምፍርራሕን ከፃረየልናን ፍትሒ ክረጋገፅን ምሕታት ይምልከት

ኣብ ርእሰ ዋኒኑ ከምዝተሓበረ ናይ ውድብና ውድብ ናፅነት ትግራይ (ናፅነት) ኣመራርሓን ኣባላትን ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ጨንፈር ውዳበታትና ማለት እውን ኣብ ከላስተራትን ወረዳታትን ዘለው ናይ ፓርቲ ኮሚቴታትና መተሓባበርትን ኣባላትን ብሲቪልን ዕጡቓትን ካድረታትን ሰበ ስልጣናትን ስርዓት ህወሓት ሰፍ ዘይብል ግፍዒ ይፍጸም ከም ዘሎ ብተደጋጋሚ እናገለፅናዮ ዝመፃእና ጉዳይ እዩ። እንተኾነ ግና ኣመራርሓ ይኹን ኣባል ከምኡ እውን ደጋፊ ውድብ ናፅነት ዝኾነ ብዓይኒ መርፍእ እናሃደንካ ምጭዋይ፣ ምቕታል፣ ምእሳር፣ ምግራፍ፣ ምፍርራሕን ዝኣመሳሰሉን ነውራም ተግባራት እናተጋደዱ እዮም ዝኸዱ ዘለው።

ስለዝኾነ ብፍላይ ከተማ ሽረ እንዳስላሰ ሓዊሱ ኣብ መላእ ዞባ ሰሜን ምዕራብን.ከተማ ዓቢ ዓዲ ሓዊሱ ዞባ ማእኸልን ኣብ ልዕሊ ኣመራርሓ፣ ኣባላትን ደገፍትን ውድብና ይበፅሕ ዘሎ ግፍዒ ጠጠው ክብል ጥራሕ ዘይኮነስ ከሳብ ሎሚ ዝተፈፀሙ መጭወይቲ፣ መቕተልቲን ብከቢድ ምስቓይ/መግረፍቲ ዝበፅሖም ኣመራርሓን ኣባላትን ውድብና ስለ ዘለው ብኣድራሻ ዝተፀራሕኩም ኣካላት መንግስቲ ግቡእ ምፅራይ ክትገብሩልናን ፍትሒ ክንረክብን ንሓትት። ብፍላይ ከፃረየልና ንደልዮ ግዳይ እዚ ግፍዒ ዝኾኑ ብፆትና ድማ ምስዚ ደብዳበ ኣተሓሒዝና ከም ዝለኣኽና ክንሕብር ንደሊ።

ሃገረ ትግራይ - ደበስ ሰማእታትና፡ ገዝሚ መፃኢና እያ!!

ቅዳሕ

ን ፕረዚዳንት ግዝያዊ ምምሕዳር ትግራይ

ን ም/ፕ/ትን ሓላፊ ካቢኔ ሴክሬታርያት

ን ም/ፕ/ትን ሓላፊ ካቢኔ ሴክሬታርያት ዘይምእኹል ምሕደራን ዴሞክራታይዜሽንን ትግራይ

ን ዋና ቤት ፅሕፈት ናፅነት

ዶ/ር ደጀን መዝገበ ኣብርሃ
Dejen Mezgebe Abrha PHD
ኣቦ ወንበር
ውድብ ናፅነት ትግራይ
Tigray Independence Party

Tel: +251344406723
Email: tigraitip2020@gmail.com
Mekelle, Tigray

ናፅነት ንብሄራዊ ክብረት! Independence for National Dignity!

CamScanner

1. **ተጋዳላይ ገ/ሃንስ ሃይሉ:** ወረዳ ኣስገደ፣ ጣብያ ስምረት፣ ቁሸት ማይ ቀዋዒት:: ኣብ መጀምርታ ወርሒ ጥሪ 2016 ኣ.ግ ንሓደ ሰሙን ዝኣክል ተኣሲሩን ተገሪፉን ተለቒቑ እኳ እንተነበረ ብዕለት 15 ወርሒ ጥሪ 2016 ኣ.ግ ለይቲ መንነቶም ብዘይተፈልጡ ዕጡቓት ካብ ገዝኡ ተወሲዱ፤ ተቐቲሉ፣ ኣብ ሰሙኑ ሬሳኡ ተረኺቡ እዩ::
2. **ተጋዳላይ ከብሮም ኣስፍሃ:** ወረዳ ኣስገደ፣ ጣብያ ሕፃፅ:: ተደጋጋሚ ማእሰርትን መግረፍትን ዝበፅሖ እንትኸውን ብፍላይ ብ ዕለት 25 መስከረም 2017 ኣ.ግ ንውልቀ ስራሕ ናብ ከተማ ሽረ እንዳስላሰ ኣብ ዝወፈረሉ ብዕጡቓት ተጨውዩ ድሕሪ 10 መዓልታት ተለቒቑ እዩ:: ከቢድ ስቅያት ኣሕሊፉ መቓብርካ ኮዓት እውን ተባሂሉ ምስ ኮዓተ እንደገና መሊሶም ኣገዲዶም ዘይኮነ ድርሰት ፅሒፎም ከቕረፅ (record) ገይሮም፤ ድሕሪ ሐዚ ንህወሓት እንተተቓዊሙ ከም ዝቐትልዎ ተሓንዮም ሰዲደሙዎ እዮም::
3. **ተጋዳላይ ሽሻይ ባይሩ:** ሽረ እንዳስላሰ:: ተደጋጋሚ ማእሰርቲ፣ መግረፍትን ጭውያን::
4. **ወ/ሮ ሚዛን ተስፋይ:** ወረዳ ኣስገደ፣ ጣብያ ሕፃፅ:: ግዳይ ማእሰርቲ፣ መግረፍቲን ምፍርራሕን ዝኾነት::
5. **ኣርቲስት ምስግና ኣሰማህይ:** ከተማ ሽረ እንዳስላሰ:: ተደጋጋሚ ማእሰርቲ፣ መግረፍቲ፣ ፀለመን ምፍርራሕን ዝበፅሖን::
6. **መምህር ሃፍቶም ገ/ዮሃንስ:** ከተማ ሽራሮ:: ማእሰርቲ፣ ፈተነ ጭውያ፣ ምፍርራሕ፣
7. **ተጋዳላይ ብርሃነ ተኸስተ:** ከተማ ሽረ እንዳስላሰ:: መዉቓዕቲ፣ ምፍርራሕ፣ ካብዚ ትገብሮ ዘለኻ ፖለቲካ ተዘይኣቛሪፅኻ ከንቐትለካ ኢና፤ ኩሉ ምንቅስቓስካ ፈሊጥናዮ ኢና ዝብል ምፍርራሕን ፈተነ መጭወይትን::
8. **መ/ር ሊላይ ኣማረ:** ከተማ ሽረ እንዳስላሰ:: ናብ መንበሪኡ ብምኻድ ዓሪፍካ ተቐመጥ ዝብል ምፍርራሕ
9. **ተጋዳላይ ናትናኤል ተስፋይ:** ከተማ ሽረ እንዳስላሰ:: ተደጋጋሚ ንገዛ ኸይድካ ንወላዲቱ ወድኺ ትደልይዮ ተኾይንኪ ካብቲ ዝንቐሳቐሶ ዘሎ (ናይ ውድብ ናፅነት ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ) የቛርፅ ምባል::
10. **መምህር ለኣከ ገ/ፃድቓን:** ከተማ ሽረ እንዳስላሰ:: ተደጋጋሚ ምፍርራሕን ፅዕፁዕ ክትትል ምግባርን::
11. **ተጋዳላይ ሃነፆም ፍሳሃ:** ከተማ ሽረ እንዳስላሰ:: ማእሰርትን ምፍርራሕን::
12. **መምህር ኣሸናፊ ተስፋይ:** ከተማ ሰለኽለኻ:: መዉቓዕቲ፣ ማእሰርቲ፣ ምፍርራሕ::
13. ዳዊት ዜናዊ: ላዕላይ ቆራሮ፣ ዓዲ ደቂ ማልኸ:: ወለዲ ምፍርራሕ፣ ዜግነታዊ መሰሉ ምኽልካል::
14. **ሰለሙን መስፍን:** ኣድያቦ/ሰየምቲ:: ምፍርራሕ፣ ምክትታል፣ ቤተ ሰብ ምጭናቕ::
15. **በየነ ኣስመላሽ:** ኣድያቦ/ሰየምቲ:: ምፍርራሕ፣ ምክትታል፣ ቤተ ሰብ ምጭናቕ::
16. **ምራጭ ኣሰፋ:** ኣድያቦ/ሰየምቲ:: ምፍርራሕ፣ ምክትታል፣ ቤተ ሰብ ምጭናቕ::
17. **ተጋዳላይ ኪዱ ደሳለይ:** ፈተነ ኣካላዊ መጥቃዕቲ፣ ፈተነ ጭውያ፣ ብስልከን ብኣካልን ምሕናይ፣ ናብ ቤት ፅ/ት እናኸድካ ምፍርራሕ፣ ቤተ ሰብ ምጭናቕ፣ ብስርዓት ካብ ሰራዊት ተሰናቢቱ እናሃለወ ካብ ዝኾነ ጥቕማ ጥቕማ ጥቕሚ ከግለል ምግባር፣ ፎርጅድ ማህተም ዝዓረፎ ደብዳቤ እናሃብካ ናብ ዝደልዩዎ ቦታ ምፅዋዕ::
18. **ሙብራህቶም ኣብርሃ:** ዓዴት/ሰመማ:: ብስልከን ብኣካልን ምሕናይ::
19. **ግርማይ ገ/ሂወት:** ኣበርገለ/የጭላ:: ማእሰርቲ::

*Tel: +251344406723*

*Email: tigraitip2020@gmail.com*

*Mekelle,* Tigray

**ናፅነት ንብሄራዊ ክብረት! Independence for National Dignity!**

CamScanner